

# ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ

## THE ERITREAN LIBERATION

**ፖሎቲካዊ ፕሮግራም ተጋድሎ ኤርትራ**

**10ይ ሃገራዊ ጎባኤ 2019 ዓ.ም**

መእትዊ:

ናይ ኤርትራ ሰውራ ንናይ ኢትዮጵያ መግዛእቲ ብድሆታት በይኑ ጥራይ ከይኮነስ ነቲ ምትሕግጋዝ ናይ ዓለም ለኻዊ ሓይሊታት ድልየትን ጥቅምን ኣብ ቐይሕ ባሕሪ ዲጋ ብድሆታት ንምፍሻል ዘይ ሕለል ቃልሲ ኣካይዱ እዩ። ነቲ ሽርክነቶም ምስ ንጉስ ሃይለስላሴ ኮይኖም ናይ ምስፍሕፋሕ ባህጊ እውን ኣፍሺልዎ እዩ። ኣንጻር እቲ ጦር ሰራዊት ህዝብና ብትብዓትን ብቖራጽነቱን ተኣምሩን ቀዋሚ ኮይኑ ንሰውራ ኤርትራ ብወትሃደርነት ሓይሊ ንምድምሳሱን ምጥፋኡን ካብ ሕቶ ንላዕሊ ወጻኢ ምኽዋኑ ህዝብና ኣረጋጊጹ።ውላ ብቲ ን ንጉስ ሃይለስላሰን ደርጊን ዝዋሃብ ዝነብረ ናይ ወትሃድርነት ኣጽዋርን ተዕሊምን ፤ ኣብ ዝላዕሊ ደርጃ ናይ ፖለቲካውን ፋይናንስን ሓገዛት እና ሃቡ ኣብ ሱሳታት ዘካየድዎ ዓማጽን ጨፍላቃን ንህዝብና ካብ ቃልሱ ክንጽል ኣይኮነሎምን።

ንጉስ ሃይለስላሴ ምዕራባውያን ተሻረኽቱን ንናይ ሓድነትናን ምትእኽኻብ ህዝብና  ናይ ነጻነት ጭርሖ ኣልዒሉ ይቃለስ ስለ ዝነብረ፣ ንህዝብና ምጥፋእ ብዙሕ ሜላታት ተጠቂሞም ንምጥፋኡ ዘይገበርዎ የለን ። ተፈንጨልቲ ቅርሕንቲ ዘልዎም ኣካላት ፈጢሮም ንምድምሳስ ሰውራና ብዙሕ ፈተነ ኣካይዶም ግን ክዕወቱ ኣይካኣሉን። እቲ ፕሮጀክትን መትከላትን (ንሕናን ዓላማናን) ሓደ ካብቲ ናይ ቶንኮል ጭብጢ እዩ ነሩ። እዚ ዓብላሊ ጉጅለ ምእንቲ ዕላማኡ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ኣብ ውሽጢ ሰውራ ኤርትራ ዝንብረ ዘይምርድዳእ ተጠቂሙ ኣብ ግዕዞ ቲ ሰውራ መንግዲ ብልሽውና ሒዙ ምስ ኤርትራዊ ዘይኮነ ሓይሊ ክዳን ገሩ ናይ ሕድሕድ ሃግራዊ ግጭት ስጉምቲ ወሲዱ። እቲ  ዕላማ ሃገራዊ ሓድንት ህዝብና ብተሓሌ ዝተመስረተ ንምጥፋእ  እዩ።ማለት ሰውራ ኤርትራ ካብ ናይቲ ሃገራዊ ትሕዝቶኡን ቃልሱን ኣፍሪሱ ንህዝቢ ምጥፋእ ነሩ።

ኣብቲ  ማኣኸል ናይቲ  ጅዮ ፖልቲካዊ  ለውጢታት ዝነበረ ኣብቲ ግዜ ማልት ዝሑል ውግእ ናይ ዓለም ዝባሃል ዝነበረ ዝተበገሰ ነቲ በዓለም ለኻዊ ሓገዝ ዝነብሮ ጽለኢ ናይ ሰውራና ሃገራዊ ዕላማን ድልየት ህዝብና ንሓርነቱን ናጻነቱን ንኸይ ዕወት ወተሃደራዊ ሓይሊ ተጥቂሞም ንሰውራና ካብ ዕላማኡ ንምኹላፍ ስጉምቲ ወሲዶም፡ ንቲ ዓብላሊ ጉጅለ መንገዲ ጽሪጎም ናይ ንነሕድ ውግእ  ፈጢሮም፡ ኣብቲ  ናይ ኤርትራውያን  ውሳንን ድልይትን ኢድ ምእታው ገሮም ንቲ ዓባልሊን ነጻጊ ጉጅለ  ሓገዝዎ።ሕዝብና ካብ  ቃልሱ ነቕ ከይበለ መስዋእቲ ከፊሉ፡ ነቲ ተንኮለኛ ተግባራቶም ገጢሙ ኤርትራ ብ24.ግንቦት 1991 ዓ.ም.ጥቅምት ሓራ ወጺኣ፡ግን ነዚ ጉጅለ ጥፈኣት ኣብ ስልጣን ክምጽእ ገሩም፡ ህዝብና ከይቀስንን  ጻማ ቃልሱ ከይረኸበ ክሳብ ሎሚ ኣብ ትሕቲ  እዚ ዓብላሊ ጉጅለ ግደ ስቃይን ስደትን ኮይኑ ይርከብ።

ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንመሰሉን ንናጽነት ኢሉ ብረታዊ ቃልሲ ብመረሕነት ሰውእ መራሒን ፈላሚ ሰውራን (ሐምድ እድሪስ ዓዋተ) ምስ ብጾቱ ብመኽን ዝተበገሰ ቃልሲ ንሐቀኛ ሕቶ ህዝብና ንናጽነቱ  ንምርግጋጽ እዩ። ኲቡር ዝኾነ መስዋእቲ ንምኽፈል ዝተወጠነን ዝተጀመረን እዩ ነሩ፤ ከም ዝፍለጥ ህዝብና ናብ ዝመረጾ መትከልን ጠለብን ሒዝካ ብመረሕነት ምዃዓዥ ኣዝዩ ከቢድን መረርን ቃልሲ ምኺኑ ፈልጦም ንምስጓም ሰራዊት ሓርነት መስሪቶም እዚ ዘይባሃል ጅግንነትን ጽንዓትን ሓቦ  ገሮም  ምስቲ  ዝነበረ ዋሕዲ ተጋደልቲ ፈጺሙ ከይታዳህለ ነቲ ሰውራ መሪሖም ኣብቲ ዘድሊ ሽቶ ከበጽሕ መሪሖሞ። እዚ ኸኣ ኣብ  ታሪኻዊ  መዝገብ ተመዝጊቡ ይርከብ።

ህዝብና ኣብ ጎኒ  ጀጋኑ ደቁ ጠጠው ኢሉ ኣብቲ  መሪርን ነዊሕን ዝኾነ ቃልሲ ብምክፋል እጃሙ ኣበርኪቱ።ህዝባዊ ክብሪን መሰላትን ዘለዋ ሃገር ንኸትህልዎም ሕልሚ ነይሩዎም ነዚ ክብርታትን መሰልን ክብል ቃልሱ ክሳብ ናጻነት ዝጓናጸፍ ቀጻለ።እዚ ሕልሚን ትምኒትን ንምትግባር እዩ፡ ሰውራ ኤርትራ ኣብ ባሕቲ መስከረም ብዕሊ ዝተበገሰ።እቲ ሰውራ ድማ ብመሪሐነት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ እዩ ዝፈለመ። እቲ ሰውራዊ ቃልሲ ናይ ተጋድሎ ሐርነት ኤርትራ ድማ፡ ብመሪሐነት ሰውእ እድሪስ መሐመድ ኣደም እዩ ዝተጀመረ፤ በዚ እዩ ድማ መንእሰያት ኤርትራ ናይ ህዝቦም ሕቶን ጠለብን ኣብ ሸትኡ ከበጻሕ ናብ ሜዳ ንምቅላስ ዝወሓዙ።ኣብ ትሕቲ  ጸሐይን ቁርን ኣሳሐይታን ንመስልን ንናጽነትን ቃልሲ ዘካየዱ።ደቂ ኤርትራ ድማ ብሐባር ብሙኺን ሰውራዊ ብድሆታት ንምምካት ዓቢ እጃም ኣበርከቱ። እቲ ብኢትዮጵያ ተመንዚዑን ኣብ መግዛእቲ ዝወደቐ ህዝቢ ሐራ ንምውጻእን ሰብኣዊ መሰል ንምኽባር ዘይሕለል ቃልሲ እዩ ዘካየደ። ነዚ መትከል ብምሐዝ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ዝርብብ መሬታት ኤርትራ ብረታዊ ቃልሲ ቀጻለ። ነዚ ኹሉ መበገሲ ድማ ከምቲ ዝተገለጸ ድልየት ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነትን ፍትሐን ስለ ዝኸነ እዩ ብረታዊ ቃልሱ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ናይ ኤርትራ ዝቐጻለ። ነዚ መትከል ብምሐዝ እዩ ህዝቢ ኤርትራ በቲ ዝነበረ ሰውራዊ ውዕውዕታ ምስ ውድብ

ተጸንቢሩ ከምኡ ውን ምስቲ ዝነበሮ ናይ ናጽነት ሃንቀውታ ነቲ ቃልሲ ብመስዋእቲን ብተባዕነትን ሐቢሩ ነቲ ብረታዊ ቃልሲ ንኸቅጽል ዓቢ እጃም አበርኪቱን ደም አፍሲሱሉን። ከም ዝፍለጥ ሰውራ ኤርትራ ብዙሕ ዲሲፕሊን ዝነበሮ ሰውራ ነበር፤ ተጋድልቲን ህዝቢን ድማ ሐደ ኢድ ብሙዃን እቲ ቃልሲ ዕውት ክኸውን ዝተገብረ፤ነዚ እዩ ድማ ሰውራ ምስ ብዙሕ ጽንኩር ኩነታት ከይተዳህለት ናብታ ዝብህጋ ናጽነት ፍትሒን ንምርካብ ቃልሲ ብትብዓት ዘካይደት። በቲ ዝነበረ መግዛእቲን ባርዕ ሰውራን ድማ ህዝብና አደዳ ስደትን ዕርቃንን ጥምየትን ዝኾነ ነቲ ዝደልዮ ፍተሒ ክብል ድማ እዩ እቲ መሪር ቃልሲ ዝቐጸሎን ደም ዝኸፈለን፡፡ ነቲ ዝነበረ መሪርን ከበድን ዝኾነ ሂይወት ህዝብና ዘሕልፎ ዝነበረ ሰብኣውነቱ ዝተጋህሰሉን ንኹሉ አመልኪቱ ፍረ ጻምኡ፡ ወይ ካአ እቲ ዝግባእ ካሕሳ ዘይረኸበ ህዝቢ ኤርትራ፡ አዝዩ አብ ግምት ዝተቐመጠ ኩነታት ህዝብና እዚ ኹሉ ምኽንያት አደዳ ጥምየትን ጸቦባን ዝኾነ አይግዛእን ስለ ዝበለ እዩ። እዚ ዘሎ ስርዓት ድማ ነዚ ኩነታት ከይተገደሰሉ ንህዝብና አብ ዝገዳደ ጻዕቂ ሂይወት አእትይዎ ይርከብ። አብቲ ግዕዞ ቃልስና ንነጻነት መንገዲ ረኺብካ ንቶም ዝተፈናቐሉ ከሒስካ ናብ ቦቶአምን ገጠራቶም ምምላስ ንታሪኻዊን ሕጋዊን ዝኾነ መሰላቶም ተሓሪሞም፡ አብ ቅድሞም ብዙሕ ዕንቅፋት ፈጢርካ ናብ ሃገሮም ንኸይምለሱ፡ከም ሰድታኛ ኮይኖም ክነብሩ ዝገደድ ጸባብን ጨቆናን ፈጢሮምሎም፤ከም አብነት ንምጥቃስ ህዝብና አብ ፎቐዶ መዕቆብ ስደተኛታት (አብ ሱዳን) አብ (የመን) አብ ጅቡቲ) ዝርከብ ከርተት ኢሎም ይነብሩ ከም ዝለዎ ክም አብነት ምጥቃስ ይካአል፡፡

እዚ ድማ ናይዚ ዘሎ መላኺ ስርዓት አካይዳን ስርዓተ ህልቀት ሙዃኑ ብሙሉእ አራኣእያ ዝምዘን ጉዑዙይ ስርዓት እዩ፤ እዚ ጨፍላቒ ስርዓት ድማ ካብ ቀደም አትሒዙ ዝመሃዞ አካይዳ ስቓይ ህዝቢ ሙዃኑ ብጋህዲ ዝፍለጥ እዩ፡፡ እዚ ስርዓት በቲ ዝሐዞ ዕላማ ንህዝቢ ጸቒጥካን ግፍዒ አውሪድካ እና ኣሳቐኻን አብ ስልጣን ኮይንካ ንህዝቢ ምንምጥፋእ እዩ ፤ ሐላፍነት ዘይስመዖ ስርዓት ስለ ዝኾነ ድማ ክሳብ ሕጂ እቲ መርገጹ ይቕጽሎ አሎ፡፡ እዚ ከይኣክል ድማ ስርዓት መንግስቲ ብዓሌትን ብቀቢላን ንህዝበና አብ ጸበባ አእትይዎ ይርከብ ። ደም ውጹዓት ከም ዋዛ ዝፈሰሉ ከም ዝኾነ ድማ ፍሉጥ እዩ። ውጹዓት ኤርትራውያን አብ ዘየድሊ ኪናትን አብ ዘይፈልጥዎ ናይ ፖለቲካ ውንጀል ጌርካ ተሰዊኦም እዮም፡ ፡ ድልየት ህዝቢ ኤርትራ ካብ ቀደም ፍትሒን ናጽነትን ከም ዝኾነ ዘይርዳእ ስርዓት ድማ ነቲ ጨቕናን ወጸዓን ብዘይምቁራጽ ይቕጽሎ አሎ፡፡ ህዝቢ ኤርትራ ሐደ ኢድ ኮይኑ ንኸይነብር አብ ምንጎ ህዝቢ ንሐድሕድ ከይሰማማዕ ብዙሕ ሸርሕታት ብምግባር ንህዝቢ በታቲኑ ይርኮብ፡፡ብፍለይ ድማ ስርዓት ኣልቦ አባላት ጸጥታ ፈጢርካ ህዝቢ ተፈላልዩ ክነብር ብዝተወጠነ ሜላታት ተጠቒሙ፡ህዝቢ ብኹሉ ነገር ከይተአማመንን ብሐሳብን ርኢቶን ካብ ንሕድሕድ ክርሐሐቕ ንምግባር ብዙሐት አባላት አዋፊሩ፤ንአብነት ሰብ ካብ ዝነብራሉ ቦታ ናብ ዘይደልዮ ቦታ አገዲዲካ ምውሳድ ከም ኡውን ብምግፋዕ ኣገዲድካ ናብ ስደትን ክዃዐዙ ዝተገበረ ህዝቢ አብ ዓለምና ህዝቢ ኤርትራ ጥራይ እዩ፡፡ እንተ ደአ ንሕና አብ ቅዲሚ ህዝቢ አለና፡ማለት አብዛ ታሪኻዊት መሬት ዘሎ ሃገራዊ ካሊእ ዳና አእትዩ መሬት ዝዕድል ነዞም ካብ የሕዋቶምን ስድራ ቤቶምን ዝተገለሉ ውጹዓት ካብ ስደት ናብ ስደት ከርተት ዝብሉ አብ ደገን አብ ሃገርን ዝርከቡ ውጹዓት ህዝቢ ኤርትራ፡ ዝወርዶ ዘሎ ሽግራት ከም ምኽንያት ተጠቂሙ ናይ ሕድሕድ ውግእ እንተ ደኣ ተጀሚሩ፡ ኩሉ ጠፊኡ ዝረኤ ሰብ ውን አይክተርፍን እዩ፡፡ ስለዚ ድማ ኩሎም ተቓለስቲ ነዚ ጉዳይ ብጥንቓቕ ክሪእይዎ ይግባእ፤ ምኽንያቱ ብዙሕ ሸርሕታትን አፉላላይን ስለ ዘሎ፡ ቃልሲ ህዝብና አብ ሐደጋ ከይወድቕ ምንጥቃቕ አድላይ እዩ። ስለዚ እጃም ናይ ተጋድሎ ሐድነት ኤርትራ ድማ ህዝብና ናብ ዓዘቕቲ ንኸይአትው ንዲሞክራስን ፍትሕን ጠጠው ኢሉ ይቃለስ አሎ፡፡ ካብ ዘገርም እዚ ቃልሲ ዕለምኡ ህዝብና ካብቶም አዝዮም ውጹዓት ዝባሃሉ አብ ታሪኽ ስደት አብ ዓለምና ቀዳማይ ህዝቢ ኤርትራ ስለ ዝኾነ፡ እቲ ዝነብሩሉ መዕቆብ ስደተኛታት ብተገዳስነት ብዕዙዝ ሐላፍነትን ክስራሐሉ ይግባእ፡፡ከም አብነት ንፍትሒ ህዝቢ ኢሎም ዝቃለሱ፡ጀጋኑ ኩሉ ከም ዝፈልጦ ምብዛሕቲኦም በዚ ስርዓት ተዓፊኖም ሃለዋቶም ዘይፍለጥ ንፍትሒ ዝቃለሱ ቁጽሮም አዝዩ ብዙሕ ከም ዝኾነ ማንም ዝፈልጦ እዩ፡ እዚ አብ ሃገርና ውልቀ መላኺ ስርዓት አዝዩ ዘስካሕክሕ ጨቕናን አፉላላይ ዓሌትን ሃይማኖትን ተጠቒሙ።

ነዚ ስርዓት አሊኻ ዲሞክራስን ፍትሕን ንምርካብ አብ ቃልሲ ዝርከብ ዘሎ ውድብ ስለ ዝኾነ፡ ነዚ አብ ግምት ብምግባር ንባዓል ሐቂ(ሃገራዊ) ውጹዕ ህዝቢ ሰላም ምሃብ ካብቲ አገዳሲ ነጥቢ ዝኾነ ቃልስና እዩ፡፡ እዚ እኩይ ተግባር ስርዓት ኣብ ሃገርና ዝገብሮ ዘሎ ህዝብና ካብ ዝነብሩሉ አገዲድካ ምውሰድ፣መሬቶምን ገዛውቶምን ምምንዛዕ፣ መሰሎም ምግሃስ ሕጋዊ ዘይኾነ ሐይሊ ተጠቂምካ ንህዝቢ ምውጻዕ፣ ዝአመሰሉ ኩሉ ንህዝቢና ብፍልሰፍና ሃይማኖትን አብ ምንጎ ህዝብታትና ሰላም ንኾይህሉ ዝጽዕርን ዝገብርን ዘሎ መልካዊ ስርዓት ንምእላይ ሐደ መፍትሒኡ ድማ ፖለቲካን አብ ሐቂ ዝተምርኮሰ ቃልሲ መስሪትና ናይ ምቅላስ ጉቡእና ዕለማናን ምግባር እዩ ። እዞም ናይዚ ስርዓት መራሕትን ሰዓብቲን ድማ ናይ ህዝብና መሰልን ፍትሕን ናጽነት ወላ ቅጭጭ ዘይብሎም ስለ ዘይኮኑ እቲ እኩይ ተግባሮም ስጋብ እዛ ስዓት እዚኣ ይቕጽልዎ አለው ። ንህዝቢ ናጻ ንምውጻእ ኢሉ ዝቃለስ ሃገራዊ ምዕፉን፣ ምእሳር፣ ምቕታል፣ ምስቓይ ኮነ

ኢሎም ዝገብሩም ዘለው ኣካይዳ ስለ ዝኾነ ነዞም ገበነኛታት መራሕቲን ሰዓብቶምን ንምእላይ ተሪር ቃልሲ ምክያድ ኣድላይ እዩ፡፡ እዞም ሰባት መሰላት ህዝብና ኣብ ሓደጋ ክወድቑ ዓቢ እጃም ዘለዎም እዮም፡፡ ነዚ እዩ ድማ ቃልሲ ታጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ደው ክብል ኣንጻር እዚ ግፍዔኛ ስርዓት ንፍትሒን ዲሞክራሲን ናይ ህዝቢ መሰል ብሓደ ብዘይ ኣፉላለይ፡ ህዝብና እቲ ዘድልዮ ፍትሒ ንምርካብ ካብቲ ፋሽሽታዊ ስርዓት ጃንዳ ህግደፍ፡ካብ ባርነት ናብ ፍትሒ  ዘለዎ  ሃገራዊ  ናጽነት ዝመረር ቃልሱ ዘካይድ ዘሎ፡፡ ከም ዝፈለጥ ዕለማን ኣካይዳን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ማለት፡እዛ ውድብ ፈለሚት ሰውራ ኤርትራ ከም ሙኚና መጠን፡ ነዚ ዓስራይ ህዝባዊ ጎባኤ ከተካይድ ዝኻአለት ድማ፡ ብቕዓትን ተሞክሮን ብዝሓዘለ ፖለቲካዊ ንጥፋት ኣበይ ከም ዘሎን ከም ዝበጸሐን ንምዝታይን ንምርድዳእን ዝተገብር  ፓለቲካዊ ምንቅስቓስ  ቃልስና፡ኣብ መሬት ኤርትራ ከመይ ከም ዘሎ ዘርእዩ ዝርዝራት ንምፍለጥ ዝተገብረ ጎባኤ እዩ። እዚ ድማ ዴሞክራስን ፍትሕን ኣብ ሃገርና ንኽሰፍን በማለት ናይ ህዝብና ሐይሊን ናይ ቃልስና ዓቕሚ ኣበየናይ ደረጃ ከም ዘሎ ዘፍልጥ ኣጀንዳ ዝሓዘ ኣኼባ ብምግባር እዩ፡- እቲ ጎባኤ ድማ ብቐንዲ ዝተተሐዘን ዘተ ዝተገበረሉን ዋና ኣጀንዳ ናይ ህዝብና ፍትሐዊ ናጽነትን ሰላምን ንምሰፋን ዝብል ቀንዲ ነጥብታት እዩ። ሐድነት ህዝቢ ኤርትራ ምስዚ  ቃልሲ ብሐደ ዝኾይድ ኣጀንዳ እዩ። ኤርትራውያን ኣብዚ ሕጂ እዋን መሰሎም ኣጸቢቖም ዝፈለጡሉ እዋን እዩም ዘለው ፤ በዚ ድማ ኣንጻር ነዚ ዘሎ ስርዓት ምቅዋም ጥራይ ዘይኮነ እቲ ቃልሲ፡ ካብ ሃገርና ውሽጢ ክሳብ ኣብ ደገ ዘሎ ኾንካ ብሐደ ቅልጽም ነዚ  ኣንጻር ህዝቢ ዝኾነ ስርዓት ንምእላይ እቲ  ቀንዲ መፍትሒ ብረታዊን ፖለቲካዊን ጎኒ ንጎኒ ኾይኑ ምስ ዝቕጽል  እዩ ።

እዞም ጭፍራ መራሕትን ሰዓብቶምን ንፍትሕን ፍርዲን ንኽቐርቡን ውሳነ ህዝብና ብሕታዊ መዳያት ንኽውዳእ ዓቢ ተራ ዘለዎ ቃልሲ ምክያድ ኣገዳሲ ስለ ዝኾነ ህዝብና ካብ ተበታቲኑሉ ዝርከብ ኩሉ ኤርትራዊ ዝምለሰሉ መድረኻት ንምዕርራይ መሪር ቃልሲ ዝካየደሉ ኣብነታዊ ዝኾነ ቃልሲ እዩ፡፡ ኣብዚ ከም ንግንዘቦ ድማ እዚ ዕለማ ቃልሲ ተጋድሎ ሓርነት ናይ ህዝብና ቃልሲ ነዚ ዘሎ ስርዓት ብምቅዋምን ኣንጻሪ ገዛኢ ስርዓት ምቅላስ ዝብል ኣጀንዳ ዝሐዘ ቃልሲ ስለ ዝኾነ ሕዝቢ ምስ ህዝቢ ተራኺቡ ዝዛተየሉን እህን ምህን ዝብለሉ፤ ነቲ ቃልሲ ብዕሊ ዘካይደሉን ዕድል ኮነ ካብ ናይ ቃልሲ ምኽፋትን ጥጡሕ ዝኾነ መድረኽ ምኽፋት ኣገዳሲ እዩ። ህዝብና ካብዚ ዝካየድ ዘሎ  ስቓይ ከመይ ጌርካ ምውጻእ ከም ዝካኣል ናይዚ ጎባኤ ዕለማን ፕሮግራምን ብሕታዊ መንገዲ ኣብ ግምት ብምእታው ምስ ዝምልከቶም ተቓለስትን ዕዙዝ ዝኾነ ርክብን ጽዑቕ ዝኾነ ዘተ ብምግባር ዕላማታት ኩሎም ተቓለስቲ ብሐደ ኢድን ቅልጽምን ተጌሩ ቃልስና ናብ ዝደልዮ ዓወት ንምብጻሕ ፤ ብዙሕ ስራሕ እንተዳአ ተኻይዱ እዚ ዘሎ ስርዓት ንምድምሳስ ኮነ ካብ ሱሩ ንምእላይ እንተደኣ ኾይኑ ኩለን ሐይልታን ተንቀሳቐስቲ ፖለቲካን ተቓወምቲን ሐደ ኢድ ኣብ ዝኾናሉ እዋን መላኺ ስርዓት ንምእላይ ምቹእ ዝኾነ መድረኽ ስለ ዝርከብ በዚ እንካይዱ መሪርን ጽዑቕን ቃልሲን ከቢድ ስራሕን እዚ ስርዓት ተኣልዩ ዘይንዕወተሉ ምኽንያት ኣይክህልውን ማለት እዚ ስርዓት በቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገለጸ ኣካይዳ እንተደኣ መሪሽና ዘይድምሰሰሉ ምኽንያት የለን ዝብል ቁነዕ ኣጀንዳን እዩ ዝካየድ ዘሎ ማለት ይካኣል እዩ ።ስጋብ መወዳእታ  ምድምሳስ ስርዓት መላኺ ህግደፍ ዘይሕለል ጻዕሪ ስጋብ መደምደምታ ፕሮግራምና ንምክያድ  ቃልሲ እዚ ተቓውሞ ቀጻሊ እዩ ። ሕጂ ዝግበር ዘሎ ቃልሲ ተጋድሎ ሐርነት ኤርትራ ንናጽነትን ሐድነት ህዝቢ ኤርትራ እዩ ንሱ ድማ ምስ ዝተፈላለዩ ውድባትን ብሐደ ብሙኳን ሃገራዊ ሐድነት ንምዕባይን ምስጓምን እዩ ከም ኡውን ንህዝብታት ኤርትራ ብሐፈሻ ሰላም ንምስፉንን ህዝቢ ብሐባር ዝነበረሉ መድረኽ ምድላይ እዩ፡፡ናይዚ ቃልሲ ዕላማን ንሕና ዘድልየና ብሐባር ኮንካ ቃልሲ ምክያድን ናይቲ ውድብ ኮነ ዝኾነ ፓርቲ ጠቕምታት  ህዝቡ ኣተኲሮ ጌሩ ሃገራዊ መንነትና ዘረጋጋጽ ቃልሲ ንምክያድ እዩ። ናይ ሃገራውያን ዓቕሚ ኣብ መሬትና ምስጓም ኣድላይ እዩ፣ ከም ዝፈለጥ ተጋድሎ ሐርነት ኸምቲ  ናይ ቅድም ሕጂ ዝነበረ ታሪካዊ ብደሆታት ሰጊራ ንኤርትራውያን ንምዕዋት እዩ። ነዚ ድማ ኣዕጋቢ ዝኾነ ዓወት ንምጭባጥ ኣብቲ ሜዳ ኾንኻ ነዚ ስርዓት መኪትካ ምድርዒም እዩ ። ነዚ ንምትግባር  ድማ ሐደ ኢድ ሙኹንን ብሐባር ተስማሚዕና ናብቲ ንደልዩ ሽቶ ምብጻሕ ኢና ንደሊ፡ማለት ብሐሳብ ኮነ ብዓቕሊ ከም ኡውን ብሰብኣዊ  ጉልበት ኩላትና ሐደ  እንተ ካና፡ ዘይብጻሕ ነገር ስለ ዘየሎ ናብቲ ዘድሊ ንምብጻሕ ከም ዝሐበርናዮ፡ናይ ሐባር ጉዕዞን ስሙር ግንባርን የድልየና ስለ ዝኾነ፡ነዚ ተገንዚብና በብዘለናዮ ንሐደ ዕላማ ንመርሽ።ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዝርከቡ ተቓለስቲ ሐይልታት ብሐባር ንሃገራዊ ጉቡእና መሰረት ብምግባር ንፍትሒን ሃገራዊ ሐድነትን ዝብል ዕላማ ሒዝና፡ ናብ ግንባር ከንብገስን ናይ ህዝብና ሰላምን ራህዋን ንምስፍን ዓቢ ሐላፍነት ክህልወና ይግባእ፡፡

ሕጂ ድማ ንሕና ዘድልየና በሐባር  ተበጊስና  ህጹጽ  ዝኾነ ናይ መሻርኸትና ነዚ  ቃልሲ ዘድሊ ነገራት ኣማሊእና ንናጽነትን ንፍትሒን እንገብሮ  ብድሆታት ነዚ ዲክታቶር ዝኾነ ስርዓት  እነጥፈኣሉ  መስመራት ምጥጣሕ  ኣዝዩ ኣድላይ እዩ፡፡ እዚ ሃገራዊ ቃልሲ ናይ ሐባር ቃልሲ ስለ ዝኾነ ኩሎም ሃገራውያን ምስ እዚ ሒዝናዮ ዘሎና መስመርና ምሳና ብምጽምባር ሃገራውያን በብኽእለትኩም ናይ እዚ ቃልሲ ኣባላት ንኽትኮኑ ንለቦ ወይ ንጽወዕ ። እዚ ቃልሲ ናይ

ኤርትራውያን ህለወ ዘረጋግጽ እዩ (ኣብ ሐቂ ዝተምርኮሰ ቃልሲ) ስለዚ በዚ ጎባኤ ከም ኣብነት ንምግባር ጸውዒትና ኩሉ ሃገራዊን ሃገራውነት ስምዒት ዘሎም ሓላፍነት ብምውሰድ ነዛ ታሪኻዊት ዝኾነት ውድብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣብ ጎና ክትኮኑ ንጽውዕ፡፡ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ማለት ድማ፡ ብዋዛ ዝተሰመየት ውድብ ዘይኮነትስ ብዓለም ለኻዊ ደረጃ ሓለፍነትን ሐቅነት ዘለዋ ውድብ ስለ ዝኾነት ነዚ ብምእማን ድማ ናብዛ ውድብ ምጽምባር ኩርዓት እዩ ። ነዚ እያ ድማ ካብ ሱሳ ዓመታት ንለዕሊ ቃልሲ ናይዛ ውድብ ኣብ መትከልን ዕለማን ከሳብ ሕጂ ነቕ ዘይበለት ። ቃልሲ እዛ ውድብ ድማ ብንጹርን ብጋህድን ዝፍለጥ ንመሰልን ንፍትሕን ህዝብታት ኤርትራ ትቃለስ ዝነበረትን ዘለን ውድብ እያ ። እዚ ቃልሲ ማንም ሃገራዊ ከም ዝፈልጦ ድማ ብዓሌትን ብቐቢለን ፈጺማ ኣፈላላይ ዘይትፈልጥ ውድብን ሐቀኛ ተቓለሲት ውድብ ሙዃና ብምግጽ እዚ ዘሎ ጨካኒ ዝኾነ ስርዓት ድማ ምሳና 30 ዓመታት ተቓሊሱ ዝኸደዓና ስለ ዝኾነ በብዘለናዮ ንምድምሳሱ ንበገስ ። ንሕና እንብሎ ናይዚ ትሕዝቶ ቃልሲን ናይዚ ቃልሲ ጸጥታን ሓላፍትን ናይ ሙሉእ ህዝቢ ኤርትራ ሓላፍነት እዩ ። ብሐፈሻ ድማ ናይ ተጋድሎ ሓላፍነት እዩ ።

እዚ ቃልሲ ኩሉ ከም ዝፈልጦ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተሰጋገረ ዝመጸ ቃልሲ ምዃኑ ዝተኣመተ እዩ ። ህዝቢ ኤርትራ ኩሎም እቲ ክብርቲ ሂወቶምን ትንፋሶምን ድማ ነዛ መሬት ኣሕሊፎም እዮም፣ ምስ እዚ ውድብ ማዕረ ብደሆታት ዝሰገረ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ሙዃኑ ፈጽምካ ዘይካሓድ ከም ዝኸነ ንምግላጽ ኮነ ንምዝርዛሩ ድማ ብሓቂ ንሕና እንተዘይገለጽናዮ ባዕሉ ታሪኽ ዝገለጸ ስለ ዝኸነ በዚ ሓበን ዝስመዓና ሙዃኑ እዩ። በዚ መሰረት እዚ ህዝቢ ኣብ ዝሐለፈ መኸትኡ ብመስተንከር ተቓሊሱ ብዙሕ ታሪኽ ከም ዝሰርሐ ሕጂ ውን እዚ ሐዲሽ ወለዶ ከምቲ ናይ ትማሊ ንሃገሩ ኢሉ ሓላፍነት ተሸኪሙ ንቲ ቃልሲ ወሒዙ ነዚ ሕጂ ዘሎ ስርዓት ንምውዳቅ ዘይሕለል ጻዕሩ ክገብር ኣለዎ ። ብዘለዎ ዓቕሙን ክእለቱን ንብረቱን ፍልጠቱን ነዛ ሃገር ምስ እዛ ውድብ ጎኒ ንጎኒ ብሙዃን ዝካኣሎ ኣወፍዩ ፤ ድማ ኩሉ ብደሆታት እናሕለፈ ሕጂ ውን ንዝመጽእ ኩሉ ጸበባን ጭንቅን ብጽንዓት ንምሕላፍ ድሉው እዩ ።

ውደብና ድማ ነዚ ተረዳኡ ናይ ህዝብና ድልየት ኣብቲ ዝድለዩ ምዕራፍ ከም ተብጽሐ ፍሉጥ እዩ ፣ ማለት ይካኣል እዩ፣ ንሕና ኣባላት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ተስፋን ትምኒትን ናብቲ ዘድልይ ሰላምን ራህዋን ሓርነት ከም እንበጽሕ ነረጋግጽ ኩሉ ጻዕርና ድማ እዚ ሙዃኑ ብሙሉእ ርእሰ ምትእምማን ክነረጋግጽ ንፈቱ ።ኤርትራ ግልጺ ዝኸነ ሕገ መንግስትን ሓራ ዝኸነት ሃገር ንኸትከውን ሐቂ ዝኸነ ናይ መጻኢ ሕልምና እዩ ። ናይ ህዝቢ መሰላትን ክብሪ ስበኣውነት ክነረጋግጽ ድማ ንፈቱ ፤ ሕጊ መንግስቲ ማለት ንመላእ ህዝቢ ብሐደ ዓይኒ።

ሕጂ ድማ ንሕና ዘድልየና በሐባር ተበጊስና ህጹጽ ዝኾነ ናይ መሻርኽትና ነዚ ቃልሲ ዘድሊ ነገራት ኣማሊእና ንናጽነትን ንፍትሒን እንገብሮ ብድሆታት ነዚ ዲክታቶር ዝኾነ ስርዓት እነጥፈኣሉ መስመራት ምጥጣሕ ኣዝዩ ኣድላይ እዩ፡፡ እዚ ሃገራዊ ቃልሲ ናይ ሐባር ቃልሲ ስለ ዝኾነ ኩሎም ሃገራውያን ምስ እዚ ሒዝናዮ ዘሎና መስመርና ምሳና ብምጽምባር ሃገራውያን በብኽእለትኩም ናይ እዚ ቃልሲ ኣባላት ንኽትኮኑ ንለቦ ወይ ንጽወዕ ። እዚ ቃልሲ ናይ ኤርትራውያን ህለወ ዘረጋግጽ እዩ (ኣብ ሐቂ ዝተምርኮሰ ቃልሲ) ስለዚ በዚ ጎባኤ ከም ኣብነት ንምግባር ጸውዒትና ኩሉ ሃገራዊን ሃገራውነት ስምዒት ዘሎም ሓላፍነት ብምውሰድ ነዛ ታሪኻዊት ዝኾነት ውድብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣብ ጎና ክትኮኑ ንጽውዕ፡፡ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ማለት ድማ፡ ብዋዛ ዝተሰመየት ውድብ ዘይኮነትስ ብዓለም ለኻዊ ደረጃ ሓለፍነትን ሐቅነት ዘለዋ ውድብ ስለ ዝኾነት ነዚ ብምእማን ድማ ናብዛ ውድብ ምጽምባር ኩርዓት እዩ ።

ነዚ እያ ድማ ካብ ሱሳ ዓመታት ንለዕሊ ቃልሲ ናይዛ ውድብ ኣብ መትከልን ዕለማን ከሳብ ሕጂ ነቕ ዘይበለት ። ቃልሲ እዛ ውድብ ድማ ብንጹርን ብጋህድን ዝፍለጥ ንመሰልን ንፍትሕን ህዝብታት ኤርትራ ትቃለስ ዝነበረትን ዘለን ውድብ እያ ። እዚ ቃልሲ ማንም ሃገራዊ ከም ዝፈልጦ ድማ ብዓሌትን ብቐቢለን ፈጺማ ኣፈላላይ ዘይትፈልጥ ውድብን ሐቀኛ ተቓለሲት ውድብ ሙዃና ብምግጽ እዚ ዘሎ ጨካኒ ዝኾነ ስርዓት ድማ ምሳና 30 ዓመታት ተቓሊሱ ዝኸደዓና ስለ ዝኾነ በብዘለናዮ ንምድምሳሱ ንበገስ ። ንሕና እንብሎ ናይዚ ትሕዝቶ ቃልሲን ናይዚ ቃልሲ ጸጥታን ሓላፍትን ናይ ሙሉእ ህዝቢ ኤርትራ ሓላፍነት እዩ ። ብሐፈሻ ድማ ናይ ተጋድሎ ሓላፍነት እዩ።

እዚ ቃልሲ ኩሉ ከም ዝፈልጦ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተሰጋገረ ዝመጸ ቃልሲ ምዃኑ ዝተኣመተ እዩ ። ህዝቢ ኤርትራ ኩሎም እቲ ክብርቲ ሂወቶምን ትንፋሶምን ድማ ነዛ መሬት ኣሕሊፎም እዮም፣ ምስ እዚ ውድብ ማዕረ ብደሆታት ዝሰገረ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ሙዃኑ ፈጽምካ ዘይካሓድ ከም ዝኸነ ንምግላጽ ኮነ ንምዝርዛሩ ድማ ብሓቂ ንሕና እንተዘይገለጽናዮ ባዕሉ ታሪኽ ዝገለጸ ስለ ዝኸነ በዚ ሓበን ዝስመዓና ሙዃኑ እዩ። በዚ መሰረት እዚ ህዝቢ ኣብ

ዝሐለፈ መኸትኡ ብመስተንከር ተቓሊሱ ብዙሕ ታሪኽ ከም ዝሰርሕ ሕጂ ውን እዚ ሓዲሽ ወለዶ ከምቲ ናይ ትማሊ ንሃገሩ ኢሉ ሓላፍነት ተሸኪሙ ንቲ ቃልሲ ወሒዙ ነዚ ሕጂ ዘሎ ስርዓት ንምውዳቅ ዘይሕለል ጻዕሩ ክገብር አለዎ ።

ብዘለዎ ዓቕሙን ክእለቱን ንብረቱን ፍልጠቱን ነዛ ሃገር ምስ እዛ ውድብ ጎኒ ንጎኒ ብሙኳን ዝካአሎ አወፍዩ ፤ ድማ ኩሉ ብደሆታት እናሕለፈ ሕጂ ውን ንዝመጽእ ኩሉ ጸበባን ጭንቅን ብጽንዓት ንምሕላፍ  ድሉው እዩ ። ውደብና ድማ ነዚ ተረዳኡ ናይ ህዝብና ድልየት አብቲ ዝድለዩ ምዕራፍ ከም ተብጽሕ ፍሉጥ እዩ ፣ ማለት ይካአል እዩ፣ ንሕና አባላት ተጋድሎ ሐርነት ኤርትራ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ተስፋን ትምኒትን ናብቲ ዘድልይ ሰላምን ራህዋን ሐርነት ከም እንበጽሕ ነረጋግጽ ኩሉ ጻዕርና ድማ እዚ ሙኳኑ ብሙሉእ ርእስ ምትእምማን ከነረጋግጽ ንፈቱ ።ኤርትራ ግልጺ ዝኸነ ሕገ መንግስትን ሐራ ዝኸነት ሃገር ንኽትከውን ሐቂ ዝኸነ ናይ መጻኢ ሕልምና እዩ ።

ናይ ህዝቢ መሰላትን ክብሪ  ስበኣውነት ክነረጋግጽ ድማ ንፈቱ ፤ ሕጊ መንግስቲ ማለት ንመላእ ህዝቢ ብሐደ ዓይኒ ዝረኢን ዘዝቅመጥን ብሐደ ውልቀሰብ ወይ ብጉጅለታት ጥራይ ዝቕመጥ ሕጊ ዘይኮነስ ብመላእ ናይ ህዝቢ ተወከልቲ ዝቕመጥ ሕጊ እዩ ፣ ናይ ህዝቢ ሰብአዊ  መሰላት፣ ናይ ህዝቢ ሐቢርካ ብሰላም ምንባር ሕገ-መንግስቲ ናይ ህዝቢ መንነት ውሕስነትን ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ዝስራሕ እምበር ብውልቀ ሰባት ተሰሪሑ ንቁሩብ ጉጅለታት ዝጠቅም ከይኸውን ድማ  እዚ  ቓልሲ መሰል ህዝቢ ንምኽባር ላዕሊን ታሕትን እናበለ ናይ ህዝቢ ድልየት አብ ሸትኡ ንምብጻሕ ይሸባሸብ ኣሎ። ናይ ተጋድሎ ሐርነት ኤርትራ መትከል ድማ እዚ ህዝቢ ወትሩ ሓደ ኮይኑ እምቢ ንምልኪን ንመግዛእቲ ዝበለ(እምብለይ በሃሊ) ፈለማ ሰውራ ብኽብሪን ብሐበንን ተበጊሱ ብረታዊ  ቃልሲ  ዝጀመረን  ዝፈለመን፤ ንጃህራ ዘይኮነስ ንመሰሉ ከም ዝኾነ አጸቢቑ  ዝአምን ውድብ እዩ ።

ከም ዝፍለጥ ብዘይ ዋላ ሐንቲ ጃህራ ህዝብና ባዕሉን ብጽንዓቱን እዩ ድማ ንመግዛእቲ ሐይሊ ስላሴን ደርጊን ዝሰዓረ ፣ ምኽንያቱ  እዚ  ህዝቢ ናጽነቱን መንነቱን ንባዕዳዊ ወራራት ንኹሎም ብቕልጽሙ  እዩ  ዝሰዓሮም ፣ ህዝቢ ኾነ ናይ ሰውራታትና  ዕላማ እዚ  ስለ ዝነበረ ናይ ተጋድሎ መሪሕነትን ህዝቢን ብሐባር ነዚ ድልየት ህዝቢ ኤርትራ ብሓባር ናይ ምንባርን ሰላምን ዲሞክራሲን ብቕልጽም  መላእ  ህዝቢ  እዩ ።

ከም ዝፍለጥ ብዘይ ዋላ ሐንቲ ጃህራ ህዝብና ባዕሉን ብጽንዓቱን እዩ ድማ ንመግዛእቲ ሐይሊ ስላሴን ደርጊን ዝሰዓረ ፣ ምኽንያቱ  እዚ  ህዝቢ ናጽነቱን መንነቱን ንባዕዳዊ ወራራት ንኹሎም ብቕልጽሙ  እዩ  ዝሰዓሮም ፣ ህዝቢ ኾነ ናይ ሰውራታትና  ዕላማ እዚ  ስለ ዝነበረ ናይ ተጋድሎ መሪሕነትን ህዝቢን ብሐባር ነዚ ድልየት ህዝቢ ኤርትራ ብሓባር ናይ ምንባርን ሰላምን ዲሞክራሲን ብቕልጽም  መላእ  ህዝቢ  እዩ ።

እዚ ቃልሲ ዚ ድማ ንዘመናት ዝተሰረሐ እዩ ኮይኑ ግን እዞም በኣጻብዕቲ ዝቑጸሩ  መራሕቲ  ናይዚ  ስርዓት ሕልምታት ህዝቢ ኤርትራ ናብ ጸላም ክአትው ዝገበሩ እዩም ። ተጋድሎ ሐርነት ኤርትራ ድማ ነዚ ኩሉ ብዝምልከት መበል ዓስራይ ሐፈሻዊ ጎባኤ ብምግባር እዚ ብረታዊ ቃልሲን ፖለቲካዊ ጉስጓስን ከም ኡውን ዝርዝር ናይ መጻኢ ማለት ድሕሪ ውድቀት ኢሳያስ ዝግበር ፖለቲካዊ አጀንዳ ኣዳልዩ ቃልሱ ይቕጽል  አሎ።

መትከላትን ዓላሚታትን

| |
|---|
| ቅዳማይ: ሐፈሻዊ ዕለማ |

1. አብ ኤርትራ ዘሎ ውልቀ መላኺ ስርዓት ንምእላይ ምቅላስ
2. ዴሞክራሲያዊት ዝኾነት ሃገር ንኹሉ ንምፍጣር ምስራሕን
3. ናጽነትን ፍትሕን ምስፋንን ሸበራን ረብሻን ምእላይን ኩሉ ሕብሪ ዘለዎ ጽረ ህዝቢ ምልጋስን ናይ ሕብረተሰብ ባህሊን ምዕባለን ምንጽብራቕ
4. ቋንቋ ዓረብን ትግርኛ ክልቲኤን  ዕላዊ ቋንቋታት  አብ ኤርትራ በሕጋዊ መንገዲ ምግባር
5. ኤርትራ ምስ አፍርቃን ምስ ሃገራት ዓዕራብ ምሕዝንታ  ንጥቅሚ ህዝባ ንምድልዳል ምጽዓር።

6. ንናጽነትን ናይ ሐሳብ ምቅይያርን ሪኢቱ ናይ ምሃብን ምስማዕን ማንም ዜጋ ዕድል ንኽረክብ ዕድል ምሃብን ናይ ዋንነት መሰል ንምርካብ ምቅላስ፤
7. ካብ ህዝቢ ተመንዚዑ ዝተወሰደ መሬት ኮነ ንብረት ናብ ወነንቶም ምምለስን ጽረ-ዕብየትን ጽረ-ለውጢ ንዝኾነ ማንም ሐይሊ ምምካት
8. ካለኣይ፡ ብዛዕባ ዕላማ ውድብና ስልጣንን ሃገርን ከመይ ከም ዝትርጉም ምግባር
9. ምእንቲ ፍትሒን ሰበኣዊ መሰላት ዝኽበርላን ዘሎዋን ሃገርን ግፍዒ ዘይብሉ ክብረት ዘሎዎ ህዝቢ ንኽነብርን አብ መጻአኢ ደቃ  በጽቡቅ ህወት ዝነብረላ ሃገር ንምግባር እያ ትቃለስ
10. አብ ሃገርና ሕገ-መንግስቲን ቅዋማዊ ሕጊን ዘለዎ ሃገር ንሙቛም ምግባር
11. በውክልና ህዝቢ ዝቖመ መንግስትን ናጻ ብዝኾነ ኢጋባብ በህዝባዊ ምርጫ ዝምረጽን፤ምሉእ ተሳታፍነት ናይ ኩለን ፖሊቲካዊ ሓይሊታት ድማ ከም ዝኽብር ንምግባር።
12. ዘይምእኩል ዞባዊ አገባብ ስርዓት አብ ሃገር ንምምስራትን
13. ናይ መንግስቲ (መራሒ) ዘመን አብ ስራሕ ዝጸንሓሉ ክልተ ግዜ ጥራይ ንክኽውን ምግባር
14. ስርዓት መንግስቲ አብ ናይ ምክፍፋል ስልጣን ዝተመስረተትን ስልጣን ድሕሪ ምርጫ በሰላማዊ መንገዲ ክርከብ ንምግባር።ክልላዊን ህዝብን ዝኾነ ናይ መንግስቲ ስርዓት አብዛ ሃገር ምግባር
15. ከኢላ ዝለዎ ምምሕዳር አካል  ንምስራዕን ንምምስራት ኪቃለስ ምግባር።
16. በመሰረት ህዝባዊ ምርጫ ሕጋዊን ፍትሒን ዘለዎ ሰላማዊ ናይ መንግስቲ ስልጣን ዘለዎም ምምራጽ
17. እዚ ውድብ(ተጋድሎ) ሕጋውን ስሩዕ ዝኾነ ማእከላዊ መንግስቲ ምግባር
18. ንኹሉ ህዝቢ ዝጠቅምን ትኽክለኛን ሕጋዊ ዝኾነ ፍርዲን ሕጊ ድማ ልዕሊ ኹሉ ንኽኸውን ውድብና ምድላዋት ትገብር
19. ምእንቲ ናጻ ወድሰብ መሰል ምቅላስ
20. ምርጫ ዝገብር ቦርድ ምቛም
21. ሳልሳይ ፡ ብዘዕባ ስሩዕ ሃገራዊ ሰራዊትን ክፍሊ ሓለዋ ጽጥታን ምቛም
22. ንልዕላውነት ሃገሩን መሬቱን ንሓድነት ህዝቡንዝከላኸም ሐይሊ ንምምስራት ወትሩ ተጋድሎ ሐርነት ኤርትራ አብ ቃልሲ ትርከብ
23. ንኤርትራን ነቲ ማሕበርሰባዊ ቅርጻ ዝንጸባርቅን ዘገልግል ሐይሊ ምክልኻል ምምስራት
24. ንሃገር ሰላም ዘስፍን ንሃገር ልዕልነትን ርገኣት ሃገርን ክምኡ እውን ጸታን ውሽጣዊ ስላምን ዝሕሉ  ሐይሊ ምክልኻል ምምስራት
25. ብዴሞክራሲ ዝተሰረዐ ሰራዊት መሰሪትካ እዚ ሰራዊት መሰል መላእ ህዝቢ      ኤርትራ ዘኽብርን ዝሕልውን ዑዙዝ ሐይሊ ምግባርን እቲ ናይ አገልግሎት ግዜ በሕጊ ይውሰን ንምግማር።
26. ወትሩ ሐይልታት ምክልኻል ሃገራዊ ጸጥታ ዘኽብርን ዝሕልውን ሰራዊት ፖሊስ መስሪትካ እዚ ሐይሊ ናይ ህዝቢ መሰልን ሕግን ዘኽብር ዑዘዝ ሐይሊ ፖሊስ ምግባር

| |
|---|
| ራብዓይ : መትከላት ተሓኤ  ብዘዕባ ሃገራዊ ቑጠባን አኮኖሚያዊ  ዓውዲ |

1. ማንም ኤርትራዊ አብ ሃገርና ንዝርከብ ናይ ተፈጥሮ ሃብቲ ንኽጥቀምን ከም ዜጋ ክብሪን መሰልን ክህልው ምግባር

2. ኣብ ሃገርና ብሄራዊ ባንክ ብምግባር ናይ ውሽጢ ዓዲ ገንዘብ (ባጤራ) ብምግባር ኢኮኖሚ ሃገር ምቁጻር ገንዘብን ዝዋሃህድን ናይ ፋይናንስን ገንዘባዊ ህግታትን ዝውስን

3. ብናይ ባንኪ ሕጊ መሰረት ንዜታታት ናይ ኢኮኖሚ እዛ ሃገር ክብ ንምግባር ምጽዓር

4. ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ብኹሉ መዳያት ናይ ኢኮኖሚ ስርዓት ብምግባር ምስረታ ሕርሻ፣ ንግዲ፣ ስራሕቲ፣ ኢንደስትሪ፣ ዓሳን ካልኦትን ንምስራሕ መድረኽ ምኽፋት

5. ንህዝቢ ጠቓሚ ዝበሃል ዝኾነ ዓይነት ሕጋዊ ኢንቨስትመንት ንኽህሉ ምግባር

6. ብዛዕባ ምግፋፋ ዓሳን በሕርሽን ኣጠቓቕማን ትምህርቲ ምሃብ ከመይ ጌርካ መሬት ምጥቃምን ናይ ሕርሻ ትምህርትን ፍርያት ምምስራት ከምኡን እንስሳ ዘገዳም ኣረባብሓ ምስ ናይ እንስሳ ረብሐ ዝኸይድ መግብትታ ንምፍራይ መድረኽ ምኽፋት ምስ ኩሉ ዝምልከቶ ኣካል ምትሕግጋዝ ምግባር

7. ብዛዕባ ኢኮኖሚ ናይ ሃገር ንዜጋታት ምቹእ ዝኾነ በሪ ብምኽፋት ኢኮኖሚ ክብ ክብል ምግባር

8. ኣብ ሞንጎ ገጠርን ከተማን ዘሎ ራሕቂታት ምቕራብ

9. ብዛዕባ ናይ ኢኮኖሚ ሃገር ብዝምልከት ዜጋታት ካብ ባንክታት ልቓሕ ወሰዶም ናይ ሃገርና ብልጽግና ንኽሰርሑ መድረኽ ምኽፋት

10. ብዛዕባ ጸገም መንበረ ገዛውቲ ንምፍታሕ ዘኽእሉ ፕሮግራም ብምግባር ዜጋታት ካብ ምፍንቓልን ካብ ምስኣን ገዛውቲ ዝድሕንሉ ጡጡሕ ባይታ ምግባር

11. እዛ ውድብ (ተ.ሐ.ኤ) ንኹሉ ህዝቢ ኤርትራ ንዝኾነ ናይ ፓለቲካን ኣተሓሳሰባ እንተጋጢሙ ብሰላማዊ መንገዲ ብምፍታሕ ብዲሞክራሲያዊ መንገዲ ፓለቲካ ምንቅስቓስ ኣብ ሃገር ኽነጥፋ ዕድል ምሃብ

12. (ተ.ሐ.ኤ) ኩል ጊዜ ናይ ፓለቲካን ኢኮኖሚን ጉዳያት ብዝሐሸ ደረጃ ንኽሰሪሕ ዝስልጥን ባይታ ፈጢሩ ጽቡቕ መዳይ ምኽፋት

13. ናይ ባሕሪ ሃፍቲ ብ ሕጋዊ መንገዲ ምእታው

14. ንእንስሳ ዘገዳምን ኣርባሕቲ ዝጣጠሐ ኩነታት ንምፍጣር ናይ ቬትሪነሪ (ናይ እንስሳት ሕክምና) ብምግባር ኣርባሕቲ ዝዓዘዘ ናይ እንስሳ ኣራብሐ ዕድል ንኽረኽቡ ምግባር

| |
|---|
| ሐምሻይ: ኣብ ማሕበረሰብኣውን ጉዳየት |

1. ኤርትራዊ ዜጋ ብቕዓት ብዘለዎን ከም ሰብ መጠን ኣብ ሃገሩ ኣድላይ ዝባሃል መሰል ብምግባር ዘድልዩ ናይ ዲሞክራሲ ዕድል ተጠቂሙ ክመሃርን ክሰርሕን ዕድል ምግባር

2. ኤርትራውያን ዜጋታት ሃገሮም ንምህናጽን ብመስሎም ንኽሰርሑ ምግባር ከምኡውን ንሙሁራት ዜጋታት ብብቕዓቶም ንኽሰርሑ ምግባር ንኩሉ ዜጋ ናይ ሰውነትን ስነ ኣእምሮ ጉልበት ጌርካ ብቑዕ ዜጋ ምፍጣር

3. እንተወሐደ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ብዝግባእ ምስፍሕፋሕ

4. ስድራ ቤት ንደቆም ናብ ቤት ትምህርቲ ምልእኽ መንግስቲ ድማ ንተማሃሮ ኣድላይ ዝኾ ነገራት ብምቕራብ መንእሰያት ኤርትራ ብትምህርቲ ብቑዓት ጌርካ ንህዝቡን ሃገሩን ዘፍቅርን ዘኽብርን ዜጋ ምፍጣር

5. ንትምህርቲ ዘድለ ሙሉእ ናውቲ ንምቕራብ ዘኽእሉ ኩሉ ነገር ምቕራብ ብትምህርቲ እምነት ምግባር ሕጋዊን ስሩዕ ዝኾነ ናይ ትምህር ዕድላት ብስፊሑ ንማሕበረሰብ ዕዱል ምግባር

6. ተወሳኺ ናይ ትምህርቲ ዕድል ብምግባር ከም ናይ ምሸት ትምህርቲ ንኽህሉ በሪ ምኽፋት ኣብ ናይ ትምህርቲ ትሕዝቶ ተመሃሪ ዝበለጸ ፍልጠት ኸረኽቡ ምግባር

7.ናይ ትምህርቲ ዓይነት ምስ ማሕበረሰብ ዝካየድ ዓይነት ትምህርቲ ምግባር

8. ኣብ ሞንጎ ከተማን ገጠርን ዘሎ ናይ ትምህርቲ ኩነታት ማዕረ ምግባር

9. ተመሃሮ (ሕጻናት) ናብ ቤት ትምህርቲ ቅድሚ ምእታዎም ቅልል ብዝበለ ስፖርት ነብስም  ከሕይል ምግባር

10. ሆስፒታላትን ክሊኒክን ብዝዓበየ ደረጃ ኣስፋሕፊሕካ ምቕራብ ካብ ባህላዊ ሕክምና ኾነ ንማሕበረሰብ ዝጎድእ ኩሉ ምርሕቕ

11. ደቅ ኣንስትዮ ኣብ ኩሉ ናይ ሕብረተሰብ መድረኽ ሓቢረን ንኸሰርሐ ምቅላስ ምስ ደቅ ተባዕትዩ ማዕረ መሰል ንኸረኽባ ምግባርን ብዛዕባ ሕርስን ጥንሲን ኣተዓባያ ቆልዑት ጸገም ከይህሉ ዕድል ምግባር

12. ናይ ስራሕ ሰዓታት ንዜጋታት ኣብ መዓልቲ 8 ሰዓት ብምግባር ነዚ ዝምልከት ሕግን ስርዓት ብምግባር መሰል ሰራሕተኛ ምኽባር ብዛዕባ ጥዕና ሰራሕተኛ ስርዓትን ሕረን ጌርካ መሰል ሰራሕተኛ ምሕላው ናይ ዝስረሐሉ ክፍሊት ኣብ እዋቱ ምኽፋልን ንቤተሰብ ሰራሕተኛ ፅብቕ ናብራ ንኸነበር ምቹእ ዝኾነ ባይታ ምግባር

13. ንናይ ስፖርት ክለባት ዝኸውን ጡጡሕ ቦታ ምግባርን ንስፖርተኛታት ናይ ሞራል ድጋፍ ማሃብ

| |
|---|
| ሻድሻይ፡ ብዛዕባ ናይ ባህልን ናይ ሚዲያን ዕላማታት |

1. ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኩሉ ግዜ ንዜጋታት ዝመስሎም ሓሳብን ርኢቶን ኣብ ሚዲያን ኣብ ጋዜጣን ኣብ ጽሑፍትን ንኸገልጹ ዕድል ንምሃብ ይቃለስ

2. ብዛዕባበ  ናይ ኤርትራ ተጋድሎን ታሪኽን ናይ ምጽሐፍ ክእለት ብዕለዊም ደረስቲ ብዝግባ ጸሓፎም ናብ ሕብረተሰብ ንኽብጸሑ ጽቡቕ ሓገዝ ምግባር እዚ ብእምነት ዝስራሕ ጉዳይ  ክኸውን ይግባእ

3. ንናይ ሃገር ሓድነት እምነት ብዘለዎ ኣካይዳ ባህሊን ናይ ሚዲያን ሰራሕቲ ምፍጣርን ምምሃርን

4. ናይቲ ዝሐለፈ ናይ ተጋድሎን ታሪኻዊ ጽሑፍትን ብምቕራብ ንሐዲሽ ወለይ ብዝግባእ ተረዲኡ ምዕቡል ዝኸነ ንምዕቃብ ዘኽእል ዕድል ምፍጣር

5. ብዛዕባ ናይ ሃገርና ታሪኻዊ ቅርስታት ንተማሃሮ ብዝግባእ ምምሃርን ነቲ ሑሉፍ ታሪኽ መንእሰያት ክሕልው ምግባር

| |
|---|
| ሻብዓይ፡ ብዛዕባ ናይ ወጻኢ ርክባት ዕላማ |

1. ምክብባር ብዘለዎ ኣካይዳ (ተ.ሐ.ኤ) ምስ ሕብረተሰብ ዓለምን መንግስታትን ከምኡውን ናይ ወጻኢ ፓለቲከኛታት ዑዙዝ ዝኾነ ናይ ርክብ  ዝምድና ምፍጣር

2.ምስ ጉረባብቲ ሃገራት ብዝለዓመ ደረጃ ርክብ ምፍጣርን ብዝማዕበለ ምሕዝነት ምግባር

3.ምስ ናይ ወጻኢ ሃገራት ንህዝብን ንሃገርን ጥቕሚ ዘለዎ ዕዙዝ ምሕዝነትን ጌርካ ጽቡቕ ርክብ ምፍጣር

4.ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ናይ ሰላምን ጸጥታን ርክብ ጌርካ ኣብቲ ኸባቢ ሰላም ንኸህሉ ምግባር

5.ምእንቲ ክብረት ህዝብታት ወጻኢ ሃገራት ብምእማን ኣብ ናይ ዝኾነ ሃገር ናይ ውሽጢ ጉዳይ ጣልቃ ዘይም እታው

6.ናይ  ሰላምን ጸጥታን ንምኽባር ብዝግባእ ኣብ ከባቢን ኣብ ካልኦት ዓለም ሰላም ንምፍጣር ምፅዓር

7.ንህዝቢ ኤርትራ መሰል ክብ ንምባል ንዝገብራ ናይ ወጻኢ መንግስታት ጽቡቕ ምሕዝነት ብምግባር ብሓባር ምስራሕ

መደምደምታ።

ኣቀዲምና ሰውራዊ ሰላምታና ነቅርብ ቀጺልና ድማ በዚ ኣዋጅ እዚ ገቢርና ነዚ ዝስዕብ መልእኽትና ናብ ህዝቢ ኤርትራ ነማሓላልፍ፡ ነማሓላልፎ መልእኽቲ ድማ ፡እቲ ኣብ (10ይ) ጉባኤ ተ,ሐ,ኤ,ዝተወሰነ ውሳንየታት እዩ።

- ዓላማ ናይቲ ቃልስና ትሓኤ መጀመርያ ንቲ ዲክኪታቶርያዊ ስርዓት ንጃንዳ ህግደፍን ሰዓብቶምን ካብ ሱሩ ደምሲስና ንቲ ስልጣን ኣብ ሕዝቢ ኤርትራ ምርካብ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ቅዋም ሓንጺጹ ዲምክራስያዊ ስርዓትን ምምሕዳር ከስፍንን መረሕትን ኣማሓደርትን በዕሉ መሪጹ ናብ ሽልጣን ከምጽእን ክቖጻጸርን ንቲ ጽሮግራማት ናይ ዲምክራስያዊት ኤርትራ ኣብ ግብሪ ምውዓል።
- (10ይ) ጉባኤ ተ,ሐ,ኤ ንዚ ሕንጻጻት ከውርድ እንኮሎ ኣስላምን ክርስትያን ናይ ኤርትራ ጸጋን ክብረት ኣህዛብ ኤርትራህ ስልዝኾኑ ንዚ ዕላማ ዚ ቃልሲ ክምቲ ኣብ ታሪኽ ዝፍለጥ ብዝሕ ዝወፈየሉ ክሳትፍሉን ኢጋሙ ከብርክት ምእንቲ ዲሞክራስያዊት ኤርትራ የኢድም።

ዓወትን ኣሳልጦን ንፍትሐዊን ደሞክራስያውን ቃልስና፡

ዘለኣለማዊ ክብርን ሞጎስን ንጀናኑ ሰማእታትና፡

ስዕረት ንጃንዳ ህግደፍን ሰዓብቶምን።